## ክልተ ወርሓዊት መጽሔት
## ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

ሰነ 2023 ቁ.76

መሸጢ ዋጋ ኣብ ኤርትራ 10 ናቕፋ

ዋና ኣሰናዳኢ
መሰፍን ገብረሂወት

ደዛይን ሕብራዊ ገበር
ከማል ዲኖ

ስእሊ
ኣርካይቭ ሃማመተኤ
ኣርካይቭ ሚ/ዜና

ናብ መጽሔት መንእሰይ ክትሰዱዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ሓበሬታ፡ ኣበርክቶ፡ መእረምታን ነቐፌታን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩልና ትኽእሉ፡-

**መጽሔት መንእሰይ**
ቁ.ሳ.ቶ 1042
ቁ.ስልኪ 291-1-202592
ፋክስ 291-1-125981

**መርበብ ሓበሬታ ማሕበር**
www.eriyouth.org

**ዘርጋሒ መጽሔት**
ቁ.ስልኪ 200454

መጽሔት መንእሰይ ብተወሳኺ ኣብ www.shabait.com (menesey magazine) ክትረኽብዋ ትኽእሉ።

# ትሕዝቶ

**ቃል ኣሰናዳኢ** 3

**ጉዳያት** 4
- ዘኽርና ክብረቶም ግብርና ምሳኦም
- ነጥበ መቐይሮ ዓለማዊ ስርዓት

**ደሃይ ማሕበር** 10
- ዑደት ንታሪኽ ኣብ ቦታ ታሪኽ!
- 10ይ ፌስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ

**ትውፊት** 16
- "... ሊድካ ምሃብ ዘበሃል ነገር የለን"!
- ፍልስፍና "ኣነ ኽሓልፍ ንስኻ ጽናሕ"

**ኢሂን ምሂን** 24
- ባህልን ክብርታትን ሰማእታትና እንታይ እዩ?
- ካብ ተግባር ሰማእታትና እንታይ ንመሃር?
- ዝኽሪ ሰማእታት እንታይ ትርጉሙ?
- ሕድሪ ሰማእታት እንታይ እዩ?
- መድረኻዊ ሓላፍነት መንእሰያት

**ዲያስፖራ** 34
- ዳዊት ወረደ

**ሓሳባት** 37
- ረድኤትን ዘገርም መዘዘን
- ስደትን ጊላነትን እንታይ እዩ ፋይዳኡ?
- ክብርታት ክብረት የምጽኡ?
- ንሕና እዩ ድምጽና

**ኣካዳሚ** 47
- ንኽትመሃር ምጽዓር፡ መብጽዓ ንሰማእታት
- ሕጂ ኸኣ ኽረምቲም መጺኡ
- ስንቅኹም ናብ ዋርሳይ ይከኣሎ ሳዋ

**ሕብረተሰብ** 50
- ሻውዓተ መፍትሕ ዓወት

**ሳይንስን ተክኖሎጂን** 55
- ፍታሕ ተንቀሳቓሲ ተሌፎን

**ባህልን ስነ ጥበብን** 56
- ሻዕብያን ደክተርን

**መለሳ** 62
- ዜስደምሙ ሓቕታት

ምኽንኻ እናዘከርካ፣ ጽባሕ ድማ ወጽኢት ናይዚ ሎሚ እትገብሮ ዘለኻ ንጥፈታትን ውሳነታትን ክትከውን ስለ ዝኾንካ፣ ረጊእካ ብዘተኻእለካ መጠን ድማ ካብ እተፈላለዩ ጽልዋታት ሓራ ኴንካ መደብትካ ስራሕ፣ ሕልምታትካ ርአ፣ መዚቃ ወሸጥኻ ስማዕ፣ ኮታ ንነብስኻን ንኹነታትካን ምሰል፡፡

## ካብዚ ህበይ ይገብር... ኣይፋል ንጽግዕተኛነት!

ኣብታ ብሮበርት ኣንቶኒ እተጻሕፈት “The ultimate secrete of total self-confidence” እትብል መጽሓፍ ተጠቒሱ ከም ዘሎ፣ ሓደ ካብቲ ሰባት ዓቕሞም ብግቡእ ንኸይምዝምዙን ኑብሰ-ምትእምማን ከየሕድሩን ዝዓግቶም ነገራት ‘ጽግዕተኛነት’ እዩ፡፡ ኣብ ግዜእ ኑብስኻ ንኸይትምርኩስ ካብ ዝዓግቱኻ ባእታታት ድማ እቲ ንነብስኻ ኣነኣኢስካ፣ ‘ካልኦት ካብይ ደብልጹ፣ ካብይ ደብልሑ፣ ካብይ ይልብሙ...” ዝብል ኣገዞ ግጉይ ርድኢት ኣብ ቅድሚት ይስራዕ፡፡ ‘በዚ ድማ ሓገሰካን ብልጽግናኻን ኣብ ክንዲ ካብ ውሽጥኻ ካብኦም ትደልዮ፡፡’ ትብል እታ መጽሓፍ፡፡

ጉረቤትካ፣ ዓርክኻ ዋላ’ውን ሓውኻ፣ ሽሕ ግዜ ካባኻ ይለብሶም፣ ሽሕ ግዜ ካባኻ ይፍለጥ፣ ኣብ ቤትካ መጺኡ ከመሓድረካ ትደሊ ዲኻ? ከማኽረካን ካብ ጸቡቕ ተመኩሮኡ ክትወክሰን ግና ሰናይ ነገር’ዩ፡፡ ወዲ-ሰብ ድማ ብተፈጥሮኡ፣ ኑብሱ እንተ ኸኢሉ ፍሉይ ዕግበት’ዩ ዝስምዖ፡፡ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ኩነታት ድማ ካብቲ ምስ ተሓገዘ ወይ ምስ ተደገፈ ዝረኸቦ ባህታ፣ እቲ ብጽፍሩ ዘምጽኦ እዩ ዝያዳ ርወየት ዝፈጥረሉ፡፡

ኣብ ግዜእ ርእስኻ ምምርኳስ ግና ኪንዮ ዕግበት ዝኸይድ ቀዋም-ነገር እዩ ዘሎዎ፡፡ ንሱ ኸኣ ውሽጣዊ ዓቕምኻ ንኽትፍትሸን ንኽተብራብርን ዝሕግዝ ዓቢ ሓይሊ ስለ ዝኾነ እዩ፡፡ ‘ሂወተይ ባዕለይ እየ ከመሓይሻ ዝግበኣኒ’ ዝብል ልባዊ ውሳነ እንተ ኣሕሊፍካ፣ ንነብስኻ ብኹሉ መዳያ ንኽትፍትሻ እዩ ዘኽእለካ፡፡ ምኽንያቱ፣ ድሮ ‘ንነብሰይ ልዕለይ ዝግደሰላ ሰብ የለን’ ኢልካ ስለ ዘለኻ፣ ምሉእ ሓላፍነት ኑብስኻ ክትስከም ትቕሰብ ኢኻ፡፡ እዚ ሓላፍነት’ዚ ቀሊል ስለ ዘይኮነ ድማ፣ ኑብስኻ ብኹለንተናኣ ብቕዕትን ተወዳዳሪትን ክትከውን ከም ዘሎዋ ክትኣምን ኢኻ፡፡ ከምኡ ንኽትከውን ድማ፣ ኩለንተናዊ ለውጢ ክተምጽእ ክትግደድ ኢያ፡፡ ምኽንያቱ፣ ሽግር እንተ መጺ ክትብደሆ ዘሎዋ ንሳ እታ ኑብስኻ ኢያ፡፡ ራህዋ ትምኒ እንተ’ላ’ውን ካብኣን ናብኣን እዩ፡፡

ኣብ መውዳእታ እምበኣር፣ እዚ ኹሉ ክንብሎ ዘጸናሕና ንኹሉ ሰብ ዘገድስ እኳ እንተኾነ፣ ንመንእሰይ ግና ሕልፊ ኹሉ የድልዮ፡፡ ካብኡ ናብኡ ኸኣ ንኸምዚ ኾማና ብዙሕ ዝጽበዩና ዘሎ መንእሰያት!... ከቢድ ጾር ኣብ እንግድዓና ዘሎ መንእሰያት!



# “ንሕና” እዩ ድምጽና!

*መምህር ኪዳን ሽሞንዲ*

“ንሕና”፡ ኮቲ “ንሕና ኤርትራውያን” ዝብል ድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ትውክል። ብዓንዲ ሓቂ፡ ጽንዓት፡ ሓድነት፡ ማዕርነትን ምጽውዋርን ተቐዊማ። ብሰራውር ጽንዓት፡ ወለዶታት ሓቐፋ ክብርታት ተወርሰ። ንኽብርታት ኣብ ቀጐራዕ ብምብሳል ሃገራውነት ትምግብ። ህላወ ብምውሓስ መጻኢ ትመርሕ። ብጽሓይ ሓቂ ንጸላም ሓሶት ትቕንጥጥ።

‘ንሕና” ኣብ ልቢ’ዩ ሰፊራ። ካብ ብቓል ብዝተግባር ትልለ። ንጸገማት ከም ጸጋ’ያ ትርእየ፡ ከሕይልዋ እንተ ዘይኮይናም ስለ ዘዳኽምዋ። ተስፋ ፈጢራ፡ ንመጻኢ ትሰርሓሉ እምበር ኣይትኸርመየሉን። ራኢኣ ንጹር፡ ጉዕዞኣን ዕምራን ነዊሕ፡ ከም ውጺኢቱ ዓወት ትግዝዞም።

ከምቲ ኣፍሪቃዊ ቢሂል ዝገልጾ “ቀልጢፍካ ክትከይድ እንተ ደሊኻ በይንኻ (ኣነ)፡ ኣርሒቕካ ክትከይድ እንተ ደሊኻ ብሓንሳብ (ንሕና)” እዩ ነገሩ። “ኣነ” ታህዋኽን ስስዐን ዝመልኦ መንፈስ’ያ። ንዘድምጻ ይኹን ንዝሰምዓ ትልግሶ ናይ ሓጎስ በረኸት የብላን። “ኣነ” ዕንወት’ያ፡ ብዋዘያዊ ዓወታት ኣታሊላ ናብ ዕንወት ትመርሓካ። ስሉ-ሓሳብ ‘ኣነ” ጸልማት’ዩ ውጽኢቱ ጸቢብ ስለ ዝኾነ መጠገሲኡ። “ኣነ” ጃህራ፡ ትዕቢት፡ ስስዐ’ዩ ሽታኣ። ብውሽጣ ጽምዋ፡ ቁጥዐ፡ ኑብሱምትሓት፡ ቕዛዘት ክሕምሳ ኸሎ፡ ደገ’ኣ ፍሽኽታ ይመልኣ። ዕድሚኣ ሓጺር’ዩ፡ ክትጉበጥ፡ ክትግዛእ፡ ክትራሰ፡ ክትዕምጽ ስለ ትጽዕር ዝዘይናታ።

ኤክሃርት ቶል ዝተባህለ እንግሊዛዊ መምህር ን“ኣነ”ብኸምዚ ይገልጻ፡ “ኣነ” ትብል ቃል ሓንቲ ካብ’ተን ብቑጻሊ እዝወትረን ቃላት ጥራይ ዘይኮነት፡ እንተላይ ካብተን ብቑጻሊ ዘጋግያ ወይ ሓቐኛ መንነትና ዘስሕታ ቃል ምዃናን የብርህ”። ቐጺሉ ኤክሃርት፡ “ኣነ” ዝብል ኣምር ከም ዘይሰርርን፡ ዝኾነ ሰብ ንኡብሱ ኣብ “ንሕና” ከእትዋ እንተ ዘይክኢሉ ክኡብር ከም ዘይኽእልን የረድእ (Eckhart Tolle፡ 2005)።

“ንሕና” ሰራሕን መሰርሕን እምበር ተኣምራት (Miracle) ኣይትኣምንን። ንጸቡቢ ክፉእ ዝመለኣም ሓሳባት፡ ብንቕሓት በሪ ትኸፍተሎም። ንዘሕቕሖ ብምውዳብ፡ ካብ ጸቢብ ኣእምሮ ዝተፍኣም ተጻብኦታት ትከላኸለሎም። ንዝተወደበ ተዕጥቕ ፍልጠት፡ ሞያ፡ ቴክኖሎጂ፡ ከውሕሱ ዝሓሸ መንበሮ። በዚ’ዩ ድማ “ንሕና” ንንቓሕ፡ ንወደብ፡ ንዕጠቕ ዝብል መዘሙራ።

“ንሕና” ዝዓምጽ ህዝቢ ጥዕንኡ ምሉእ’ዩ። መንእሰያት ምስ ዝዓምጽዋ



## ባህልን ስነ ጥበብን

# ሻዕብያን ዶክተርን

ዮሃንስ ሃብተገርግሽ (ጆንሜራ)

“ከም ናይ ትማሊ
ዓሚ ቅድሚ ዓሚ
ወፈርና ብናህሪ
ብወግዒ ብዕሊ፡
ድሑርን ቅዱምን
ገድልን ዋርሳይን
ፈላምን ሰዓብን
ውሉድን ወላድን
ዘብዘብ ኢልና
ትንፋስ ከነድሕን
ኤረይ ደምን ልብን
ኣሕሊፍና ኣይንህብን።

*ካብ ግጥሚ መተሃን ተሰፋማርያም ዝተወሰደ’ዩ።*

ኣብ እምባን ኩርባን ኣብ ሸንጥሮን ሜዳን ብሊዩቲ ብቐትሪ ምስ ተመካ ዕንቅርቢት ተመሓዝዮም፡ ምስ ባህርን ዳህርን ኣሳሓይታን ቁርን፡፡ ምስ ሓጺን መጺን ምስ ሃልሃልታ ሓውን መዳፍዕን ሞርታሩን ምስ መስዋእትን ስንክልናን ተፋጢጦም።

ምስቲ ብቐንእን ሕሱናን ዓይኑ ደም ሓቢጡዎ፡ ክድቅስ ክትንስእ ኤርትራን ህዝባን ክብል ዝውዕል ጸላኢ ጥራይ ዘይኮነ፡ ምስቶም ብልጸግና ሃገርን ስልጣነ ህዝቢ ኤርትራን ዘይብህግ፡ ርእሱ ክኣሉ ባዕሉ ንባዕሉ ክመሓደር ዘይደልዩ ምዕራባውያን ሓይልታ፡ ቅድሚ ህዝቡን መንግስቱን በጃ ክኾውን ኣብ ቅድመ ግንባር ደው ኢሎም በጃ’ዛ ሓላል መሬት ውሕስ ክኾኑ እንከለው፡

ሃብርም ስዉኣቦውያንና ድማ እግሩ እግሩ፡ ብመንፍስ’ውን ምስኡ ሓቢሮም በዓል ብርዑ ብብርዑ፡ በዓል ክራር ብኽራሩ፡ በዓል ጥቡብ ብጥበቡ፡ ወኑ ከለዓዕሉ፡ ሞራል ህዝብን መንግስትን ከበርኹ ዝለዓለ እጃም ተጻዊቶም እዮም።

“ጅግንነት ተበልኩም ሕርሕራይ
ሞት ተበልኩም ከም ቀዳማይ
እቲ ምንታይ እቲ ምንታይ
ከይትድፈር እዛ ኤርትራይ
እዛ ስልምቲ ቕናት በዓልቲ ቖላይ
ምጭውቲ ዓደይ ዝብላ ኣስላማይ ክስታናይ
ኪዳን ዝኣተወላ ክስውኣላ እንተላይ፡

ተባሂሉ ከምቲ ናይ ዘመነ ገድሊ፡፡ ስነጥበብ ማዕረ ጠበንጃን መድፍዕን ድሕሪ ኩናት ጓይላ፡ ካብ ጉዕዞ ናብ ጉዕዞ፡ ኣሰር ኣሰሩ ሰዒቡ፡ ጸላኢ ኣንፈት ህድማ ጠፊእዎ፡ ሸም ንህቢ ከም ዝጠፍኦ ዕስለ ዕግርግር ክሳብ ዝብል ክኸውን እጃሙ ኣበርኪቱ’ዩ፡፡

ብዓጥምን ተንቀሳቓሲ ስእልን ዝተሰነዩ ስርሓት ገጣምን ደረሰን ኣወል ሰዒድ፡ ንሞራልን ሰራዊትን ህዝብን ኣብራኾም



ይገልጹ ነይሮም።

ንእሉቱ ናይ ደራሲ የሴፍ ተስፋይ (ወዲ ሹዋ) ዘረባ ዘከረ፡ “ሻዕብያን ዶክተርን መብጣሕቲ ክጉብኡ እንክለዉ ድምጾም ኣይስማዕን'ዩ።” ትብል።

ብርግጽ ዓወታቱን ጅግንነቱን ዘዘኻኽሩ ዘይዕበዩ ኣርማ ሰላም፡ ኣርማ ናጽነት፡ ኣርማ ሰውራዊ ቓልሲ ዝኾነ ጅግና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ግና ዘይከምቲ ጸላእትን ከዳምትን ስርዓት ወያኔ ዝብሉዎ፡ ኑቶም ተፈጥሮ ዝደኾኖም እምባታት፡ ወሓይዝን ሽናጥርን ዕንቦታትን ኣግራብ መሮርን ይድንግጹሎም። ኑቶም ጠዋሪ ዘይብሎም ኣብ ዕጹው ቤት ንጥሜትን ስቓይን ዝተፈርዱ ህዝቢ ካብታ ዘሎቶ ድራር እሉት ይመቕሎም። ካብታ ንጽምኡ እተርውይ ብራኾኡ ኀሮሮኦም የተርክሶም። በቲ ጸኒሕ ሰናይ ተግባሩ ይሕበን ኸኣ እምበር ኣይዕበን። ይኾርዕ እምበር ኣይፍክርን። ብተግባር'ቲ ተመሃሪዶ ዝበረ መፅገርገሪ ወሽላኽን ተለኣኣኽን ውድብ ዘይማልሱ ረኺቡ ይሓዝን እምበር ኣይሕኸስን። የግዳስ ብናይ ድምጻዊ ረዘ ኣለም ደርፊ ይኾርዕ፡

“ኤርትራዊ ሰባር መንጉዳ
ትማል ቀቢርካ ኣኽፊልካዮም ዕዳ
ሎሚ ቐጥቂጥካዮም ከም እክሊ መኼዳ
ተሓበን ኤርትራዊ ጎማሚ ጎሚዳ፡
ኣብ ኢድካ'ዩ ዘሎ ምስጢር እዚ ኸባቢ
ፍቓድካ'ዩ ዘሐዊ ዝቕብር ዝድርቢ
ድሌትካ'ዩ ዘግልል ዝሓቁፍ ዝድርቢ
ኩራዕ ኤርትራዊ ኳንካ መዛረቢ”

እናበለ ይደርፍን ይዘልልን። ይሕበን ይሕንሕን።

ስለ ጥቡብ ማዕረ'ቲ ካብ ኣፈ መዝ ዝወጽእ ጤያይትን መዳፍዕን ንጸልኢ ስዒሩ ርእሲ ከም ዘደንን ይስወጦ። ስዑር መንፈስ ጸላኢ ትሕቲ መሬት ክተሰፍር፡ ውጥንኩ፡ ዕጥቅኻን ስንቅኻን ተጸፍፍ። ሞራልካ ተሐደሰ። ንጥቡብ ድማ ተድንቕ። መሊስካ ትጸንዕ። እንቋዕ ኤርትራዊ ኮንኩ ትብል። ብታህዲድን ጃህራን ዘይክማሁ ብቑጽሪ ሰብን ኣጽዋሩን ዘይርዕድ፡ ኡኳ ደኣ ዝሕንሕን ኣብ ጸገም ዝስውድ ፡ ኣብ ኳናት ዝረብሕ፡ ኣብ ግዜ ሰላም፡ ሰላማዊ ዝኾውን ናቱ ዘይሁብ ዘይናቱ ዘይደሊ እንቋዕ ኮንኩ ኢልካ ትኾርዕ።

ከምቲ ድምጻዊ በራኺ ኣብታ “ምላድ'ከ ይድገም ደዩ” ትብል ደርፉ ከም ዝበሎ'ዩ።

“ምላድ ሓንሳእ'ያሞ ክሰቡላ ይብሉና
ሞት'ከ ትድገም ድያ መን ተመሊሱና
እንቋቑሖ ተመን ክፈስስ ርኤና
ሸሕ ትንፋስ ጸላኢ ክንቀትል ረብራብና”

እምበኣር'ከስ ከምቶም ክሳብ ለይተ ሎሚ ጣዕሞም ይኹን ግጥማዊ ትሕዝቶታቶም መለሱ ዝበርኽ፡ ዝፍቶ ተደጋጊሙ ዝሰማዕ ሰውራውያን ደርፍታትና፡ ኣብ ሎሚ ዘሎዉ ስለ ጥቡበኛታትና ድማ ብኸሉ ስለ ጥቡባዊ መልክዖም ግዜ ዘየህስሶም ናይ ሓርበኝነት ትሕዝቶታቶም ኣበርኪቶምልና ኣለዉ። ቅስሚ ጸላኢ ኣብ ምስባር፡ ሞራል ህዝብን ሰራዊቱንክብ ኣብ ምግል ድማ ዓቢ ሓወልቲ ሃኒጾም ወይ ተኸሉም ኣለዉ እሞ ምስጋና ይኹኖም።



